# ምድረ ባቡር ኤርትራ



ሎሚ ብዛዕባ ምድረ ባቡር ኤርትራ ምስ ገለ ስእልታቱ ከቕርብ ከሎኹ ምስኡ ዝተኣሳሰረ ኣተዓባብያ ስለ ዝነበረኒ እየ። ኮምኡውን ብዙሓት ኤርትራውያን ካብ መስመር ኣስመራ ኣቑአርደት፡ ኣስመራ ባጽዕ ዝነብራ ዝነበራ ስድራ ቤታት ብቕጥታ መነባብሮኤን ምስኡ ዝተኣሳሰር ስለ ዝነበረ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ምድረ ባቡር ዓቢ ተራ ከምዝነበሮ ኩሉ ዝፈልጦ ይኹን እምበር ኣይከምተን ዕለታዊ ሂወተን ብኡ ዝነባበራ ዝነበራ ስድራ ቤታትን። ብሓፈሽኡ ግን ምድረባቡር ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ቁጠባ ዝነበሮ ኣበርክቶን፡ ኣብ መጎዓዝያ ዝህቦ ዝነበረ ኣገልግሎት ሎሚ ክሳብ ሕዳሰ ተገሩሉ ብጉቡእ ኣብ ዝነበሮን ካብኡ ንላዕሊ ዝምለስ ከም ታሪኽ ጌርና ጥራሕ ኢና ክንዝክሮ እንኽእል። ህዝባዊ ግንባር ገና ኣብ ሜዳ እንከሎ ኣገልግሎት ባቡር ዓቢ ቁጥባዊ እቶት ንሃገር ከበርክት እዩ ኢሉ ስለ ዝኣመነሉ ድሕሪ ነጻነት ብዘይ ወዓል ሕደር ንዳግመ ምህናጹ ተበጊሱስ ኣገልግሎት ክህብ ጀሚሩ ምንባሩ ዓይንና ዝመስከሮ እዩ።



ባቡር ጻዕዳ እቲ ድሒሩ ዝኣተወ።


PICCINI
RailPictures.Net - Image Copyright © Daniel SIMON




alamy stock photo
BJBRER
www.alamy.com


alamy stock photo
www.alamy.com - BJBRF0

ሎተሪና


RailPictures.Net - Image Copyright © Daniel SIMON


© Stephan Schenk, Köln







ቅርጻ መሬት ኤርትራ  ልክዕ ከም እተፍቅሮ ሰብ ዝፍቶ ምስ ኣደናቒ ዝኮነ መንገዲ ባቡር። መን ኣሎ ነዚ ኣብ ንቡር ክምለስ ዘይደሊ ኤርትራዊ።




ብዘበን ጥልያን ዝተሰርሔ ቢንቶ ክሳብ ህጂ ብጥዕዩ ምህላዉ ንከንደይ በጻህቲ ዘገረመ ኣዩ።




ዋላውን እቲ ጎቦታት ንመልከዕ ኤርትራ ንምጽባቕ ኢሉ ዝተፈጥረ ኣዩ።




ኣብቲ ምድረ ባቡር ኤርትራ ብጉቡእ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ግዜ መስመር ኣስመራ ባጽዕ ሰባይ፡ጨው፡ ፈሓም፡ ዕንጨይቲ፡ ጠለ በጊዕ፡ እኽሊ ፍሩታታት ካብ ጊንዳዕን እምባትካላን፣ ብመስመር ኣስመራ ኣቁርድርት ሰባት፡ ስርሓት ላኻ፡ ዓካት፡ ጋባ፣ ፉል፡ ጠለ በጊዕ፡ ፈሓም ዕንጨይቲ፡ እኽሊ፡ ፍሩታታት፡ ተጻዒኑ እናፋጸየ ኣስመራ ክኣቱ ከሎ ዝነበረ ሂወት፡ ብፍላይ ንደቂ ፎርብያ ( ቸንትሮ፡ ደቦዚቶ፡ ፎርቲኖ) ሕጂ ክንዝክሮ ከሎና እቲ ናይ ሽዑ ዕድመ ንእስነትና ኣብ ቕድመና ኮፍ ኣቢሉ የርእየና።




ህዝብና ንጥቕሚ ባቡር ከምዚ ኢሉ ደሪፉሉ እዩ። ኣንቲ ባቡር ድሪት'የ፡ ንኹሉ ንብረት ተሰካሚት'የ፡ እዛ ሃገርና ሰዊት'የ።










© Bernd Seiler, Shegereni 24.6.2010, www.FarRail.com





ንተዓዛቢኡ ዘደንጹ ገለርያ። ኣብ መስመር ኣስመራ ባጽዕ ብዙሓት ገለርያታት ኣለዉ።










© Bernd Seiler, Eritrea 3/2009, www.FarRail.com








ሎተሪና ኣብ ገለርያ ክትኣቱ ከላ።


መንገዲ ባቡርን ጽርግያ ማኪናን ።

ህዝቢ ኤርትራ መሬትይ ባዕለይ ክብል ከሎ ብጆካ እቲ ባህርያዊ ተፈጥሮን ቅርጺ መሬትን ተደኵናትሉ ዘላ ኣገዳሲ ዞባን፡ እዚ ጥንታውን ሰሓብን ኣብ ግዜ ጥልያን ዝተሰርሔ ጽርግያን መንገዲ ባቡርን ዓቢ ኣቓልቦ ዝስሕብ ካብቲ ሓደ ንጸላእትና ድቃስ ዝኸልኦም ዘሎ እዩ። እዚ ዝሓለፈ 26 ዓመታት ሰላም ረኺብና እንተንነብር፡ ሎሞ እዚ ንርእዮ ዘሎና ኣደናቒ ነገራት ብጉቡእ ሰሪሑ ብዙሓት ደቂ ሃገርን ወጻእተኛታት ገያሾ (tourists) ኣኣንጊዱ ንመንእሰያትና ናይ ስራሕ ዕድል ከፊቱ ዓቢ ምንጪ እቶት ምኾነ ኔሩ።

ጸላእትና መሬት ኤርትራ ኣብ ዕቤት ቁጠባ ሃገር ዘለዎ ግደ ኣጸቢቖም ስለ ዝፈልጡ፡ ኣይ ሰላም ኣይ ውግእ ጅሆ ክንተሓዝ እዮም ዝደልዩ። ኣየረኻኸቡልናን ኣይንብልን፡ ከም ድለቶም ግን ኣይኮናንን። ኣይ ክንከውንን ኢና ውን። ኣባ ጎብየ ካብ ግስጋሰኡ ኣይተዓግተሎምን። ከምቲ ኩሉ ግዜ እንብሎን እንገብሮን “” ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል ዕርፊ ጥራሕ ነጽንዕ””። ሕጂ’ውን ነዚ ኣንብ ኑቡር ክምለስ ኣንደልዮ ቅርስታት ክንፍውሶ ኢና።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሃፋሽ
ገብረንጉስ መስመር